# ታሪኽ እንክድገም

## ባህርያት ወያነ እንክቃላዕ

ሰብ ረስዓይ እንተዘይኮኑ ኣብ 1998 ሰራዊት ወያነ ነቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ነበርቲ ባድመን ከባቢኣን ዝፍጸምዎ ዝነበሩ ግፍዕታት ንምርድዳእ ኢሎም ዝኸዱ 17 ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣሞኺልዮም ከምዝቀተልዎም ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ። ብሰንኪ'ዚ ድማ እቲ ብወያነ ዝምራሕ ምስሉይ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ውግእ ብምእዋጅ ሰራዊቱ ናብ መንገዲ ዓሰብ፣ ዛላንበሳ፣ መረብን ኦምሓጀርን ማለት ኣብ መላእ ዶባት ክልቲኤን ሃገራት ብምውሳር ኩናት ወሊዖም።

ስለምንታይ ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ውግእ ኣዊጆም? ስለምንታይ ሰራዊቶም ኣብ'ቲ ናይ መሰሓሓቢ ቦታ ባድመ ጥራሕ ግብረ-መልሲ ዘይሃቡ እቲ ዕላማ ንጹር እዩ።

- ቀዳማይ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብር ዝነበረ ህዝብና ንብረቱን ትካላቱን ዘሚቶም ትግራዎት ንክጥቀምሉ እዩ።
- ካልኣይ ትምክሕተኛታት ኢትዮጵያውያን ኤርትራ ነጻ ምኳና ዘይተዋሕጠሎም ንዓታቶም ንምሕጓስ፣ ነቲ ናይ ኤርትራ ነጻነት ኢና እንኣምን ዝብልዎ ዝነበሩ ደምሲሶም ናብ ኢትዮጵያ ዳግማይ ንምምላሳ እዩ።

ነዚ ንምትግባር ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው ብቀሊሉ ክንዕወተሉ ንኽእል ኢና ብምባል መደብ ኣውጺኦም። ቀዳማይ ሰራዊት ኤርትራ እቲ ነጻነት ዘምጽኤ ተጋዳላይ ኣብ'ቲ እዋን መብዛሕትኡ ተጣይሱ ስለዝነበረ፣ ኤርትራ ወተሃደራዊ ዓቕሚ የብላን ካብ ዝብል ገምጋም እዩ።
ካልኣይ ወያነ ቁጠባ ኢትዮጵያ ተቛጻጺሮም ስለዝነበሩ ቁጠባ ኢትዮጵያን ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኣብ ግምት ብምእታው ዘይተኣደነ ሰራዊትን ኣጽዋርን ቁጠባን ከምዘለዎም ስለዝተኣማመኑ እዮም።
ሳልሳይ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለለኻዊ ዲፕሎማሲ ጽብለልታ ስለዘለዋን መብዛሕትኤን ሓያላት ሃገራት ድማ ቁጠባ ኢትዮጵያ ካብ ቁጠባ ኤርትራ

ከምዘርብሖን ስለዝኣምናን ብኡኡ ድማ ናታተን ደገፍ ኣይፍለየናን እዩ ዝብል እምነት ስለዘሕደሩ እዮም።

ስለዚ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምክንያት ኣሚኖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኩናት ኣዊጆም፣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዳግማይ መስዋእቲ ክኸፍል ተገዲዱ። ሳላ ጽንዓትን ሓድነትን ህዝብን ድማ ኩሉ መደባት ወያነ ተሳዒሩ።

ብመሰረት ናይ ኣልጀሪስ ስምምዕ ኣብ'ዚ ናይ ዶብ ፍርዲ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ንባዕሉ ተገራጫዊ ውሳኔታት እዩ ኣሕሊፉ። መንቀሊ ግርጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ባድመ እያ ነይራ። ባድመ ንኤርትራ ትግባእ ኢሉ ውሳኔ ክህብ እንከሎ ሃገራት ንግዝኣታዊ መሬተንን ሉዕላውነተንን ክከላኸላ መሰል እንዳሃለወ ኣብ ባድመ ዝተገብረ ውግእ ኤርትራ ጀሚራቶ ኢሉ ምውሳኑ ናይ ፍርዲ ስግንጢር ነይሩ።

ኣብ ዶብ ሃገራት ብዙሕ ግዜ ግርጭት ይልዓል እዩ። ንኣብነት ኣብ መንጎ ቻይናን ህንድን፣ ኣብ መንጎ ቻይናን ፍሊፒንስን፣ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ከንያን.....ወ.ዘ.ተ ብዙሕ ክዝርዘር ይክኣል እዩ። ኢትዮጵያ ትኹን ካልኦት ሃገራት ብሰንኪ  ዶባዊ ናኣሽቱ ወተሃደራዊ ረጽምታት ኣዋጅ ኩናት ዝኣወጀት ሃገር የላን። ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ግን ነታ ኣብ ዘይመሬታ ብዕሊ ኩናት ዝኣወጀት ሃገር ገዲፉ ነታ ንመሬታን ሉዕላውነታን ዝተኸላኸለት ሃገር ከም ጠንቂ ምግላጹ እቲ ናይ ምዕራብ ምስ ኢትዮጵያ ዘለወን ምምጽዳቕ ዘጉልሕ እዩ።

እቲ ዘሕዝን ግን እቶም ሕልና ዘይብሎም ኤርትራውያን ነዚ ዘይቅኑዕ ብይን ብምኩምሳዕ ኤርትራ እያ ነቲ ኩናት ጀሚራቶ እንዳበሉ ሃገሮም ክውንጅሉን ኣሕሊፎም ክህቡን ንረብሓኦም ክብሉ ንህዝቦም ኣብ ሽግር ከእትዉ ብቀጻሊ ይሰርሑ ኣለዉ።

ማሕበረሰብ ዓለም ወይ ምዕራባውያን ኣብ ታሪኽ ንህዝቢ ኤርትራ ዘርብሕ ውሳኔታት ወሲኖም ኣይፈልጡን እዮም። ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ብዘይድሌት ህዝባ ክትቁረን፣ ፈደረሽን እንዳፈረሰ ስቕ ኢሎም ምርኣዮም፣

ብረታዊ ቃልሲ እንዳካየድና ብናይ ምዕራብን ምብራቅን ብረትን ገንዘብን ሰብኣዊ ሓይልን ተዋጊኦምና፣ ናይ ደሴት ሓንሽ ብይን ብጽልዋ ኣሜሪካን ሃገራት ኣዕራብን ኣንጻር ሓቀኛ ውሳኔ ኣንጻር ኤርትራ ምውሳኖም፣ ዝሓለፈ 22 ዓመት ኣብ ጎኒ ኢትዮጵያ ደው ብምባል እገዳን መወዳእታ ዘይብሉ ተጻብኦታትን ጌሮምልና እዮም።

ጭፍራ ወያነ ደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ከምቲ ትግሊ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኤርትራ ግፍዒ ፈጺሙ ኤርትራ ወሪራትና እንዳበለ ዝግዕሮ ዝነበረ፣ ሕጂ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ግፍዕን ራስያን ኣካይዱ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኩናት ኣዊጆናልና እንዳበለ የእውዩ ኣለዉ። ወይ ጉድ ጭጉራፍሲ ሃሪማ ተእዊ ናይ ወያነ ሓሶትን ለኽበጣን መወዳእታ የብሉን።

ኣብ ሓደ ሃገር ሓደ ልዑላዊ መንግስቲ ጥራሕ እዩ ዘሎ። ከምቲ ቅዋም ኢትዮጵያ ዘመልክቶ ናይ ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ወይ ፓርላማ ጥራሕ እዩ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ። ንሱ ዘሕልፎ ውሳኔታት ቅኑዕ ይኹን ኣይቅኑዕ ክትግበር ጥራሕ እዩ ዘለዎ። ምርጫ ይመሓላለፍ እንተድኣ ኢሉ ምርጫ ይመሓላለፍ። ካብ'ዚ ወጻኢ እቲ ዝበዝሐ ዝውስኖ እቲ ዝወሓደ ነቲ ውሳኔ ጠጠው ከብሎ ኣይክእልን እዩ። ንሱ እዩ ድማ ደሞክራስያዊ መስርሕ። ትግራይ ኣካል ኢትዮጵያ እንተድኣ ኮይና ብሕጊ ናይ ኢትዮጵያ ክትምእዘዝ ኣለዋ።

ብሓደ ወገን ሕጊ ትጥሕስ ብኻልእ ሸነኽ ድማ መንግስቲ እዚ ዶ እቲ ዘይገበረልና ምባል ተጋራጫዊ እዩ። ሓደ ኣይምእዘዝን ዝበለ ነብሱ ኪኢሉ ጥራሕ እዩ ክኸይድ ዘለዎ። እዚ ድማ ከም'ቲ ቅዋም መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘፍቕዶ ዓንቀጽ 39 ተጠቂሞም ካብ ኢትዮጵያ ብሰላም ክፈላለዩ ነይርዎም።

ጭፍራ ወያነ ንብረትን ገንዘብን ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሚቶም ከይኣኽሎም፣ ነቲ ኣብ ዶብ ኮይኑ ዝሕልዎምን ኣብ ሽግሮምን ጸገሞምን ዝሳተፍ ሰራዊት ብድቑሱ ቀቲሉን፣ ዕጥቁን ዘሚቱን ከመይ ጌሩ እዩ ደቂሱ ክሓድር? መንግስትን ህዝቢ ኢትዮጲያን ነዚ ገበነኛ ጉጅለ ብሰላም ወይ ብሓይሊ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከቕርቦ መሰሉ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ድማ በዚ ገበነኛን ሽፍታን ጉጅለ ጅሆ ተታሒዙ መሳርሒ ክኸውን ኣይግባእን። ኩናት ዕንወት እዩ፣ ህዝቢ የጥፍእ ንብረት የዕኑ። ስላም ግን ብሓደ ወገን ጥራሕ ስለዝደለዮ ኣይመጽእን እዩ። ጭፍራ ወያነ ከም'ቲ ቅድሚ 22 ዓመት ናብ ኤርትራ ዝኣወጆ ሕጂ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኩናት ኣዊጁ ኣሎ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ነብሱ ክከላኸል መሰሉ እዩ። ነቶም ንብረቱ ዝዘመቱ ኣባላቱ ዝቀተሉን ኣብ ሕጊ ክቕርቦም ወይ ብሓይሊ ክጥፍኦም ጉቡእን ግድነትን እዩ። ሃገር ዓዲ ሽፍታን ዓዲ ፋሉል ክትከውን ድሌት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይኮነን።

እቲ ንኤርትራ ናብ'ዚ ኩናት ንምእታው ዝግበር ፈተነ ወይ ድማ ጠቀነ መሰረት የብሉን። ከም'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ኣዛዚ ሰራዊት ዝበሎ ኢትዮጵያ ዘመናዊ ኣጽዋርን ቁጽሪ ዘይብሉ ሰራዊት እትውንን ሃገር ስለዝኾነት ናይ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ደገፍ ኣየድልያን እዩ ኢሉ ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ።

እቶም ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎን ኣብ ዘይምልከቶም ጉዳይ ኣትዮም ሃገሮም ከዕንዉ፣ ሰራዊትና ክበታትኑ፣ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ወያነ ክትምብርኸክ ዝሓልሙ ጽባሕ ምስ'ዚ ገበነኛ ጭፍራ ሓቢሮም ክጠፍኡ እዮም፣ ታሪኾም'ውን ኣብ ኤርትራ ነበረ-ያ-ነበረ ክኸውን እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ እንተ ምስ ህዝቢ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ዋላ ሓንቲ ጽልኢ የብልናን። ቅድም ንስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ንምውዳቅ ምስ ተጋሩን ኢትዮጵያውያንን ብሓባር ተቃሊስና ንጸላእትና ኣብ ሳሕልን ትግራይን ኣራት ኪሎን ቀቢርናዮም ኢና። ሕጂ'ውን ነዚ ሓሳድ ጭፍራ ምስ ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓባር ኮይና ኣብ ኣራት ኪሎ ሲዒርናዮ ኢና። ተሪፉ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ነቒሑ ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ብሓባር ኮይኑ ሓንሳብ ንሓዋሩ ነዚ ደመኛ ጸላኢ ሱር መሓውሩ ክጥፍኦ ኣሎዎ።

ግርማይ የማነ
ሰዑዲ ዓረብ